# ሎሚ ንጉሆ ገዚፍ ቁጽሪ ዘለዎ ህዝቢ ሰገንይቲ ብጅምላ ኣብ ቤትማእሰርቲ ተዳጒኑ ከምዘሎ ቅድሚ ሒደት ደቃይቕ ካብ ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓብሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ኤርትራ ኣድማ ከይጅመር ኣብ ሻቕሎት ዝርከብ ስርዓት ህግደፍ፡ ሎሚ ንጉሆ ገዚፍ ቁጽሪ ዘለዎ ህዝቢ ሰገነይቲ ኣብ ማእሰርቲ ከምዝዳጎነ ምንጭታት ካብ ኤርትራ ሓቢሮም። ምምሕዳር ከተማ ሰገንይቲ ንቐንዲ ቀሺ ናይቲ ዓዲ ንሳዋ ኪኸይድ ናይ ሓንቲ መዓልቲ መጠንቐቕታ ድሕሪ ምሃቦም፡ ብቤተክርስትያን ዝጸንሐ ብዙሕ ህዝቢ ናይታ ከተማ ተመኻኺሩ ዓበይቲ ዓዲ ሓዊሱ፡ መስቀል ኣምሪሑ ነቲ ምምሕዳር ክልምን ድሕሪ ምኻዱ፡ ሰበስልጣን ህግደፍ ሰለማዊ ሰልፊ ትገብሩ ኣለኹም ብዝብል ምኽንያት ንኹሉ ህዝቢ ብዘይመግቢ ኣብ ሓደ ቦታ ዳጒኖሞም ከምዘለዉ እቶም ምንጭታት ኣረዲኦም። ነዚ ከበባ ንምፍጻም፡ ህዝቢ ርእዩዎ ዘይፍልጥ ኣሃዱ ሰራዊት ከምዝተላእከ ‘ውን ተፈሊጡ። ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኤርትራ እንተላይ ኣብ ኣስመራ ወረቐት ምድርባይን ኣብ መናድቕ ናይ ተቓውሞ ጭርሖታት ምጽሓፍን ዝኣመሰለ ምልክታት ተቓውሞ ብቐጻሊ ይርኢ ስለዘሎ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ከይለዓል ሽለብ ገለብ ኣብ ምባል ይርከብ።